TIGRINYA




5 የካቲት 2024




**ምብዓል ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ – የካቲት**

DeKalb County School District    https://www.dekalbschoolsga.org

እንቋዕ ናብ ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ ኣብጽሓኩም! DCSD፡ ኣብ ወርሒ የካቲት፡ ንውርሻ፡ ዓወታትን ኣበርክቶታትን ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ክብሪ ትህብ። ኣብ ታሪኽን ባህልን ሃገርና ንዝገበርዎ ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋ ክብሪ ኣብ እንህበሉ ግዜ ተጸንበሩና።  ንምሃር፡ ክብሪ ንሃብን ብሓደ ኴንና ድማ ንዕበን።

TIGRINYA



DeKalb County
School District
District 6 Town Hall
ንተማሃሮና ሓለዋ ምግባር
ኣብ ጣውላ ዚግበር ዝርርብ ድሕነት ቤት ትምህርቲ
WATCH FOR CHILDREN
ሓሙስ
29 የካቲት 2024
ካብ 5:30 ድ.ቐ
ክሳዕ 7:30 ድ.ቐ
Stone Mountain High School
4555 Central Drive,
Stone Mountain, GA 30083
ፍሉያት ኣጋይሽ፥
ግዝያዊ መኮነን Larry Wright
Darnell Logan
ውሑስ ኣብያተ-ትምህርትን ዝምድናታት ተማሃሮን (Safe Schools & Student Relations)
Dr. Kishia Towns
Chief Wrap Around Services)
ኣኣንጋዲ፥
Mr. Diijon DaCosta, Sr.
ወኪል ቦርድ (ኣውራጃ 6)




# ኣብ SCHOOL CHOICE እትምዝገብሉ ግዜ

## 5 ጥሪ - 9 የካቲት 2024

### ፕሮግራማት

- Career Pathways at Arabia Mountain High School
- Coralwood-Hawthorne Partnership
- Dual Language Immersion
- House Bill 251
- International Baccalaureate (IB)
- Montessori
- Dr. Ronald E. McNair Discovery Learning Academy
- Senate Bill 10
- Special Interest Magnet
- High Achievers Magnet
- Theme

### ኣገደስቲ ዕለታት

- 5 ጥሪ 2024 - ምዝገባ ይኽፈት
- 9 የካቲት 2024 - ምዝገባ ይዕጾ
- 29 መጋቢት 2024 - ውጽኢት ዕጫ ይዝርጋሕ
- 1 ሚያዝያ 2024 - ድንጉይ መመልከቲ ይቐርብ
- 30 ነሓሰ 2024 - ናይ መወዳእታ መዓልቲ ምደባ

### ዘድሊ ሰነዳት

- ቊጽሪ መንነት ተማሃራይ DCSD
- መረጋገጺ ልደት
- መረጋገጺ ነባርነት
- ናይ ቀውዒ 2023 ወረቐት ጸብጻብ

### ተወሳኺ ሰነዳት

- ውጽኢት MAP
- መመልከቲ ኦዲሽን (Audition)
- መመልከቲ IB
- መመልከቲ Arabia Magnet

### DCSD SCHOOL CHOICE

DeKalb County School District፡ ኣብ ዝተፈላለየ ፕሮግራም School Choice ኣብ ዕጫ መታን ኪኣትዉ ኣብቲ ዝተኸፍተ ናይ ምዝገባ ግዜ ንኽመልክቱ፡ ነቶም ኣብ DeKalb County ዝቕመጡ ዘለዉ ስድራቤታት መርሓባ ንብል። እቲ ዕድላት፡ ንHigh Achievers Magnet፡ International Baccalaureate፡ Dual Language Immersionን Themeን ዜጠቓልል ዝተፈላለየ እዩ። ምርጫ ዕጫ፡ ኣብ ሳልሳይ ሰሙና ናይ መጋቢት ኪካየድ እዩ። ስድራቤታት፡ ኣብዚ ከመልክቱ ይኽእሉ፥ **WWW.DEKALBSCHOOLSGA.ORG/SCHOOL-CHOICE/**

ምዝገባ ናይ School Choice፡ 9 የካቲት የብቕዕ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።






ተኣምራታት - ስትራተጅያዊ ውጥን ምስ Dr. Sherry Everett (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=J6hA_6YDUU4






**ድምጽኹም፡ መጻኢና'ዩ**

DeKalb County School District፡ ንስትራተጅያዊ ውጥን 2024-2029 ንምድላው ጕዕዞ ጀሚሩ ኣሎ፣ ስለዚ፡ ኵሎም ተማሃሮና፡ ወለዲ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ኮምን ኣብ ራእይ'ተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርትን ኮምን ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ንኺተሓጋገዙ ንጽውዕ ኣሎና።

ንዳህሳሳዊ መሕተት መሻረኽቲ ስትራተጅያዊ ውጥን ንምውሳድ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ስእሊ ንዘሎ ኮድ QR ስካን ግበሩ ወይ ን[https://bit.ly/3SdUJq3](https://bit.ly/3SdUJq3) ከፊትኩም ርኣዩ።

ብሕብረት ኴንና ንብሉጽነት ንሰርሕ ኣሎና። ናብቲ ዘተ ተጸንበሩ፣ ነቲ ኩልና እንኣምኖ መጻኢ ንህነጽ።




ኣብ ማእከላት S.A.F.E. ንኺውዕል ተባሂሉ ካብ McDonald's Golden Grants Program ስለ ዝተዋህበና ናይ $10,000 ምወላ ምስጋናና ነቕርብ። ክፍሊ ሓገዝን ሽርክነትን (Grants and Partnerships Department)ን ስለቲ ኣብ ተማሃሮና እትገብሮ ጻዕሪ ድማ ነመስግን! እቲ እትህብዎ ደገፍ፡ ነቲ ኣብ ዓወት ነፍስወከፍ ተማሃራይ እንገብሮ ጻዕሪ ተወሳኺ ጸዓት ይኾነና።



Hitting The Road with Horton - Avondale, DESA, Robert Shaw

https://www.youtube.com/watch?v=0KhNo-YCNJE




Hitting The Road With Horton - Avondale, DESA, Robert Shaw (ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=5V-ijW2xhSI







DCSD፡ ኣብ ሓደ ካብዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋላት ትምህርቲ፥ ኣጠቓቕማ ግብሪ ዶላር ንኺሳተፉ ንኹሎም ኣባላት ኮም ይዕድም።

ኩሉ ህዝቢ፡ ንኣባልነት ኮሚቴ ኣማኸርቲ E-SPLOST (ብዛዕባ ፍሉይ ዝዕላማኡ ኣማራጺ ግብሪ መሸጢ ዚምልከት ትምህርቲ (Education Special-Purpose Local Option Sales Tax)) ንኺመልክት እዕድም ኣለኹ። መመልከቲታት፡ ክሳዕ ዓርቢ፡ 16 የካቲት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ኪቐርብ ይከኣል እዩ።

ኮሚቴ ኣማኸርቲ E-SPLOST፡ ካብ ዜጋታት ንዝተረኽበ ርእይቶታት የቕርብን ብኣታዊ E-SPLOST ተመዊሉ ብመረጽቲ ፍቓድ ንዝተዋህበ ዝርዝር ፕሮጀክት ድማ ይምርምርን። እዚ ኮሚቴ፡ ኣብ መንጎ DCSDን ኮም ካውንቲ DeKalbን ግሉጽነትን ርክብን ክህሉ ዝብል ሓበራዊ ሸቶ ንዘለዎም ኣባላት ሕብረተሰብ ዘካተተ እዩ።

እቶም ሕጹያት፡ ኣብ ውሽጢ ክልል DCSD ዝቕመጡ ተቐማጦ ኪኾኑ ይግባእ። እዞም ኣባላት፡ ኣብ ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education) ዘለዉ ኣባላት፡ ሰራሕተኛታት DCSD ወይ ካብ ፕሮጀክታት DCSD ዝኾነ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎም ሰባት ክኾኑ የብሎምን። ተሞክሮ ስነ-ሕሳብ፡ ኣርኪተክቼር፡ ኦዲት፡ ህንጻ፡ ምህንድስና፡ ፋይናንስ፡ ትምህርቲ መዋዕለ ህጻናት-12 ክፍሊ፡ ሕጊ፡ ምድላው ውጥን፡ ምሕደራ ፕሮጀክት ከምኡውን/ወይ ድለላ ኣባይቲ ክህሉ ይድለ።

ብተወሳኺ፡ ሕጹያት፡ ኣብ ወርሓዊ ኣኼባታት ንምስታፍ ካብ ግዚኦም ክልተ ሰዓታት ክህቡ ኪኽእሉ ይግባእ። እዚ ኣኼባታት፡ ኣብ ግዜ ምሸት ብፍሉይ ይካየድ። እቶም ዝተመርጹ ሕጹያት፡ መርመራ ድሕረ-ባይታ ኣብ ዝተኻየደሎም እዋን ክሓልፉን ኣብ ስምምዕ ዘይምቕላዕ ሓበሬታ ድማ ክፍርሙን ይግባእ።

ኣብ ሓደ'ቲ ዝዓበየ ኣውራጃታት ቤት ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia) ብድሕሪ መጋረጃ ኮይንኩም ንኽትሰርሑ ኣብዚ ዓቢ ዕድል'ዚ ንኽተመልክቱ ቀሊል እዩ! ዘለኩም ሓበሬታ ንኽትህቡ፡ ኣብዚ ጠውቑ ።






ወለድን መጕዚታትን፡ ነዚ ናጻ ዚኾነት ኣፕሊኬሽን Edulog Parent Portal App ከውርዱ (ዳውንሎድ ኪገብሩ) ምትብባዕ ይግበረሎም። እዛ ኣፕሊኬሽን'ዚኣ፡ ወለድን መጕዚታትን፡ ኣውቶቡስ ውላዶም ኣበይ ከምዘላ ብቐጥታ ንኪከታተሉን ኣውቶቡስ ናብ ፌርማታ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ልሙድ ሓበሬታ ዚውሃበሉ ቦታ ኣብ ዝቕረበትሉ ግዜ እዋናዊ ሓበሬታ ንኺረኽቡን ትገብሮም። ወለድን መጕዚትን፡ ንውላድኩም ዝምልከት ፍሉይ መለለዪ ሓበሬታ ብምምዝጋብ ጥራይ ኣገልግሎት ይረኽቡ። ብዛዕባ'ዛ ኣፕሊኬሽን Edulog ዚምልከት ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተሊኩም፡ ብኽብረትኩም ንመጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ (DCSD) ብ(678) 676-1305 ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።






ማሕበረ-ኮም Stoneview Elementary School፡ ብAffordable Connectivity (ACP)፡ Sarver Wirelessን Stratixን ንዝተመወላ ታብለታት ብምርካቦም ኣዝዮም ሕጉሳት እዮም። ACP፡ ንማሕበረ-ኮም Stoneview ES ዝኾና ታብለታትን ናጻ መርበብ ስልኪ-ኣልቦን ብምሃቡ ምስጋናና ነቕርብ!




DRUID HILL MS BOOK AUTHOR DAY - Ibram Kendi (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=fa2EnMN3TO0




ነቶም ናይ 2024 መዓርግ ሻምፒዮና ተቓለስቲ (DeKalb County Wrestling Championship) ዝኾኑ Dunwoody Wildcats እንቛዕ ኣሐጐሰኩም ንብል። ብመገዲ H-PRIDE ሓቀኛ ትርጉም ውድድርን ምሕዝነትን እንታይ ምዃኑ ስለዘርኣዩና፡ ነቶም ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ዝመጹ ተቓለስቲ ክብሪ ንህብ። ንምሉእ ትሕዝቶ ንምንባብ ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ፥ [https://bit.ly/3U14pAi](https://bit.ly/3U14pAi)




ነታ ኣብ ውድድር መስመር ጉያ (Elementary Track Camps) እተወዳደረት ብልጽቲ ጋንታን ነቶም ንዓኣ ደገፍ ንምሃብ ዝመጹ ኲሎም ሰባትን ክብሪ ንህብ። ጻዕርኹም፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ መዓልቲ ዝናብ ፈይ ኢሉ ዝግጭበካ ማይ ኣሐጒስና!  ብዛዕባ ስፖርት መእታ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፥ [https://bit.ly/3tQNxXA](https://bit.ly/3tQNxXA)




ኣሰልጣኒ James Harty፡ ኣብ መላእ ኣሜሪካ ኣብ ዝግበር ናይ ማክዶናልድ ውድድር (McDonald's All-American Game) ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ናይ ኣወዳት ኲዑሶ ሰኪዔት Tucker High School ኮይኑ ንኽሰርሕ ስራሕ ስለዝተቖጽረ፡ እንቋዕ ኣሐጐሰካ ንብል! ናብዚ ላዕሊ ደረጃ ብኸመይ ከምዚበጽሔ ዚምልከት ምሉእ ትሕዝቶ ድማ ኣብዚ ርኣይዎ፥ https://bit.ly/3SctREp.



ናይ 2024 ምርኢት ስራሕ DCSD

https://www.youtube.com/watch?v=GwjxmhPm3-A




ኣብ ኣኼባታት ርእይቶ ኮም መዓልቲ ትምህርቲ ACT/SAT ንኽትሳተፉ ንዕድመኩም ኣሎና። ኩሎም ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝርከቡ ተማሃሮ DCSD፡ ኣብ ACT ወይ SAT ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ዝሳተፍሉ

ዕድል እንተልዩ ንምርኣይ ንዘራረብ። ነቲ መንሹር ርኣይዎ፣ እቲ ዞባዊ ኣኼባ ዚካየደሉ ዕለት መዓስ ምዃኑ ድማ ፍለጡ። ኣብቲ ድምጽኹም ዝስምዓሉ መዓልቲ ኣይተብኩሩ።









ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብማሕበረኮም Sequoyah and Cross Keys ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ንዝተጸንበሩና ኣማኢት ወለድን ተቐማጦን ነመስግን። ናይ DCSD ላዕለዋይ ኣካያዲ ስራሕ (Chief Operating Officer Erick Hofstetter)፡ ንማሕበረ-ኮም ቤት ትምህርትና ብእወታ ብዛዕባ ዚጸሉ ሓድሽ ፕሮጀክት ኣመልኪቱ ባህ ዜብል ዝርዝር ሓበሬታ ሂቡ።

ኣብቲ ዝነበረ ዝርርብ ብንጡፍ ክሳተፉ፣ ንኹሉ ሰብ ድማ ዝሓቑፍን ትርጉም ዝህብን መታን ኪኸውን፡ ንኹሎም ስድራቤታትና ደገፍ ንዝሃቡ ኣስተርጐምቲ ድማ ነመስግን።

ንማሕበረ-ኮም ኣብ ዘርብሕ ናይ መጻኢ መደባትን ፕሮጀክትታትን ብቐጻሊ ንኽትሳተፉ ብሃንቀውታ ንጽበ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ንዝተወስደ ስእልታት ንምርኣይ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ጠውቑ። https://flic.kr/s/aHBqjBcHyd




ኣብ ውድድር Georgia Council on Economic Education's Stock Market Game ተሳቲፈን ዕዉታት 4ይ ባይቶኣዊ ኣውራጃ ዝኾና፣ ኣብ Evansdale Elementary School ንዝምሃራ Fiker Ashenafe፣ Hannah Bondን Beatrice Vonwalsung እንቛዕ ኣሐጐሰክን ንብለን። ብኣኽንን በቲ ዝሰራሕክናኦ ስራሕን ሕቡናት ኢና! ንDCSD ብዝግባእ ወኪልክን፣ እቲ ሓቀኛ H-PRIDE እንታይ ምዃኑ ኣርኢኽናና!

TIGRINYA


KITTREDGE MAGNET ELEMENTARY SCHOOL
ቀዳማይ ደረጃ
DUNWOODY ELEMENTARY SCHOOL
ካልኣይ ደረጃ
AUSTIN ELEMENTARY SCHOOL
ማዕረ ዝወጸት ሳልሳይ ደረጃ
DEKALB COUNTY PUBLIC LIBRARY ELEMENTARY SCHOOL
ማዕረ ዝወጸት ሳልሳይ ደረጃ
DeKalb County School District
ናይ DeKalb County School District
ውድድር ንባብ (HELEN RUFFIN READING BOWL)
ዕዉታት መባእታ ደረጃ
27 ጥሪ 2024




**DEKALB COUNTY PUBLIC LIBRARY MIDDLE SCHOOL**
**ቀዳማይ ደረጃ**




**HENDERSON MIDDLE SCHOOL**
**ካልኣይ ደረጃ**



**GLOBE ACADEMY MIDDLE SCHOOL**
**ሳልሳይ ደረጃ**

**ናይ DeKalb County School District**

# ውድድር ንባብ (HELEN RUFFIN READING BOWL)

## ዕዉታት ማእከላይ ደረጃ

**27 ጥሪ 2024**




ኣብ መበል 25 ናይ ዝኽሪ ዓመት Helen Ruffin Reading Bowl ዕዉታት ንዝኾኑ ኩሎም ተማሃሮ እንቛዕ ኣሐጐሰኩም ንብሎም! እዞም ብሉጻት ተማሃሮ፡ ኣብ ንባብ፡ ምርዳእ ጽሑፍን ዓቕምታት ህየሳዊ ኣተሓሳስባን ብሉጽ ውጽኢት ኣምጺኦም። ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ብዝተሳተፉ ኩሎም ተማሃሮ ሕቡናት ኢና!




ኣብ ዝሓለፉ ኲሎም ሓፈሻዊ ኣኼባታት ቦርድ ትምህርቲ ንዝተገብረ ዝርርብ ንምርኣይ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ፥ [https://www.dekalbschoolsga.org/students/d3-dialogue-with-district-leaders/](https://www.dekalbschoolsga.org/students/d3-dialogue-with-district-leaders/)

ዝተቐርጸ ኣኼባታት ንምርኣይ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ፥
[https://vod.dekalbschoolsga.org/CablecastPublicSite/gallery/7?channel=1](https://vod.dekalbschoolsga.org/CablecastPublicSite/gallery/7?channel=1)

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ መደባት ኮማዊ ሽርክነት (Community Partnerships Mix & Mingle) ንዝተሳተፉ ኲሎም ሰባት አመስግን። ኣብቲ ቀንዲ ዘተታት ብምስታፍኩም፡ ኣብቲ ቆራሪ ዝነበረ ለይቲ ከምእንመውቕ ገይርኩሙና ኢኹም። ብዛዕባ'ዚ መደብ'ዚ ዚምልከት ተወሳኺ ስእልታት ንምርኣይ፡ ኣብዚ ጠውቑ።




National History Day Competition 2024 (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=MFgcDEXUEn0

# ድርብ ምዝገባ

ፕሮግራም ድርብ ምዝገባ ጆርጅያ (Georgia's Dual Enrollment Program)፡ ዲፕሎማ ካልኣይ ደረጃ ንምምጻእ እናተማሃሩ ከለዉ ናይ ኮሌጅ ክረዲት ኪረኽብሉ ዚኽእሉ ዕድል ንብቑዓት ተማሃሮ ክፍልታት 10-12 ይኸፍት።



**ናይ ኮሌጅ ክረዲት ኣብዚ ግዜ'ዚ ርኸቡ**

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ጠውቑ

**ዝታዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንኣማኻሪ ቤት ትምህርትኹም ተወከሱ**



**Delta Sigma Theta** “ዝርርብ ቀይሕ ጣውላ”፡ ምሕዝነት፡ ጥምረትን ምርድዳእን ንኣሽቱ ደቀኣንስትዮ **Southwest DeKalb High School** ከምዝህሉ ይገብር

እቲ ንንኣሽቱ ደቀኣንስትዮ Southwest DeKalb High School ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ Delta Sigma Theta "ዝርርብ ቀይሕ ጣውላ"፡ ምስ ክብርታት H-PRIDE ብዝሳነ ኣገባብ ንምሕዝነትን ጥምረትን ክብሪ ዚህብ እዩ። እዞም 22 ኣባላት ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ምጥንኻር ደገፍ ኮም ንዝገበርዎ ስራሕ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብቡ፥ [https://www.dekalbschoolsga.org/students/red-table-talk/](https://www.dekalbschoolsga.org/students/red-table-talk/)




ኣብ መንሹር ንዘሎ ኮድ QR ስካን ብምግባር ወይ ኣብ https://bit.ly/3hvkfrg ከፊትኩም ብምርኣይ ሕጂ ኣመልክቱ።

TIGRINYA

(Disrupting for Excellence)

# ንጋዜጣ ዋና-ኣማሓደርቲ ኣንቢብኩም ትፈልጡ'ዶ፧



**ምስ HORTON ብም኿ን ነቲ ስራሕ ምጅማር**

ካብ ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ዝተዋህበ መልእኽቲ

DeKalb County School District



## ብኸምዚ መገዲ ክትረኽብዎ ትኽእሉ!

- Social Media @dekalbschools
- መሰንጀር ቤት ትምህርቲ
- መርበብ-ሓበሬታ (ኣውራጃን ቤት ትምህርትን)
- NewsFlash
- Mail Chimp

ንኽትምዝገቡ፡ ንኮድ QR ስካን ግበሩ

DeKalb County School District

Disrupting for Excellence

(ንብሉጽነት ምልዕዓል)



# ካብቲ ዳግማይ ውሳኔ ዝተዋህበ መዲከይድ (Medicaid) ሓገዝ ርኸቡ

ኣባላትን ኮማትን Georgia's Medicaid and PeachCare for Kids®፡ ካብ ሚያዝያ 2023 ክሳዕ ግንቦት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ናይ ብቕዓት ፈተሻታት ንኽገብሩ ዘዳልዎም ሓጋዚ ጽሑፋት ኣብዚ ይርከብ።

DeKalb County School District

https://www.dekalbschoolsga.org

https://www.dekalbschoolsga.org/students/medicaid-redetermination-are-you-still-covered/